Tigrinya

## Psychomotorik in der Schule: Elterninformation

## ሳይኮሞቶሪክ ኣብ ቤት ትምህርቲ፦ ሓበሬታ ንወለዲ

እዚ ናይ ሳይኮሞቶሪክ ተራፒ ወይ ፍወሳ፡ ብህዝባውያን ኣብያተ ትምህርቲ ዝወሃብ ሓገዝ እዩ። እዚ ኣገልግሎት፡ ንኹሎም ቆልዑን፣ ወለድን፣ ኻልኦት ኣገደስቲ ሰባትን ብነጻ ይወሃብ።

ናይ ኣእምሮ ዝሕታለ ዘለዎም ቆልዑ፡ ኣብ ምንቅስቃስ ምልክታት የርእዩ። ህድእ ኢሎም ኮፍ ኣይብሉን፤ ብእግሮም እንዳ ተዓንቀፉን ደንበርበር እንዳበሉን ይኸዱ፤ ብጣዕሚ ጭኑቃትን፣ ፈርሓትን እዮም። ንዝኾነ ዝነቀሳቀስ ይኽልክሉ፡ ናይ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ባህርያት ጠንቂ በብዓይነቶምን ዝተፈላለዩን እዮም።

እንተድኣ ሓደ ቆልዓ ናይ ምንቅስቃስ ጸገም ኣለዎ፡ ኣብ ምምሃርን፣ ማሕበራዊ ርክባት ምፍጣርን ይሽገር እዩ። ሓደ ቆልዓ ዝርበሸ እንተድኣ ኮይኑ፡ ኣብ ትምህርቲ ኣድህቦ ክገብር ይጽገም፤ ሓደ ቆልዓ ፈራሕን ደንባርን  እንተኾይኑ ርእሰ ተኣማንነት የጉድል፤ ካብ ትምህርቲ`ውን ይሕረም፤ ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ቆልዑ፡ ብግቡእ ክዕብዩ እንተኾይኖም ሓገዝ የድልዮም እዩ።

ኣብ መንጎ ምዕዛብን፣ ምሕሳብን፣ ምንቅስቃስን፣ ስምዒትን፣ ዘራኽብ ነገር ኣሎ። ነዚ እንተድኣ ፈሊጥናዮ፡ ነቲ ዝግበር ናይ  ሳይኮሞቶሪክ ተራፒ ወይ ስነ ኣእምሮ ፍወሳ፡ ኣብ ምምባለ ናይቲ ቆልዓ ይሕግዝን የሐይልን ማለት እዩ። ሓያል ጎኖምን ዘለዎም ዓቕሚ ክእለቶምን ምልላይን ምጥቃምን ኣገዳሲ እዩ።  ሓደ ተወሳኺ ረቛሒ ነጥቢ፡ ዕውት ተራፒ ንኽህልወና፡ ምትሕብባር ወለድን መማህራንን ብመልክዕ ምኽርን ሓገዝን፡ ምስዝህሉ እዩ።

እዞም ናይ ሳይኮሞቶሪክ ተራፒስትስ፡ ብምሉእ ግዜ ኣብ ዩኒቨርሲቲ  ወይ ተመሳሳሊ ኣብ ፍሉጥ ላዕለዋይ ቤት ትምህርቲ ዝተመረቑ እዮም። ኩሎም ብደረጃ ሃገር ዝተፈልጠ ዲፕሎማ ናይ ሳይኮሞቶሪክ ተራፒ ዘለዎም እዮም።

ነሓሰ  2015